ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

# ናይ ሓዘን መልእኽቲ፣

ናብ ዝኸበርኩም፡- ቤተ ሰብ፣ ናይ ቃልሲ ብጾቱን ኣዕሩኽን፣

ስዉእ ሓርበኛ ተጋዳላይ ኣብርሃም ነጋሲ፡-

መስዋእቲ ሓርበኛ ተጋዳላይ ኣብርሃም ነጋሲ፣ ዝፈለጥና ካብ መርበብ ሓበሬታ ገረገር ዶት ኮም እዩ። ኣዚና ሰንቢድናን ሓዚናን። መስዋእቲ ንተቓለስትን ደቂ ሰባትን ዝተዋሃበ፣ ዘይተርፍ ንቡር ትዕድልቲ እዩ። እንተኾነ ግን፣ እዛ መዓልቲ'ዚኣ፣ ንክብርቲ በዓልቲ ቤቱ፣ ስብኣያ፣ ንደቁ፣ ኣቦኦም፣ ንቤተ-ሰብ፣ ውላዶም፣ ሓዎም ኣያኦምን ዓርኮምን፣ ንመቓልስቱ፣ ብጻዮም፣ ንህዝብታት ኤርትራ ድማ፣ ሓደ ነባርን ዉፉይን ተቓላሳይ፣ ንሓዋሩ ዝሰኣኑላ ዕለት ብምዃና፣ ሓዘኖም መሪርን ከቢድን ክኸውን ግድን እዩ። ስለዝኾነ'ውን ብመስዋእቲ ሓርበኛ ተጋዳላይ ኣብርሃም ነጋሲ ዝተሰማዓና ሓዘን፣ ብሽም ውድብና ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ) እናገለጽና፣ ተኻፈልቲ ሓዘንኩም ምዃና ነረጋግጽ። ንመላእ ቤተ ሰብ፣ ኣዕሩኽቱን ናይ ቃልሲ ብጾቱን፣ ጽንዓትን ኣኻእሎን ይሃብኩም ንብል፤ ንስዉእ ሓርበኛ ተጋዳላይ ኣብርሃም ነጋሲ ድማ መንግስተ ሰማያት የዋርሶ።

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና!!

ፖሎቲካዊ ቤት-ጽሕፈት

ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)

ዕለት፡- 31 ጥሪ 2018.